# ሊቀ መንኳስ ኢያሱ

ብኪዳነ ግርማይ

---

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ርቱዕ ልሳኑ ምዑዝ መልሓሱ፤
ብጥዑም ቃናኹም ሕሙም ትፍውሱ, ሕዙን ተሕጕሱ፤
ሊቀ መንኳስ ኢያሱ፣ እንቱም ሊቀ መንኳስ እያሱ፤
ገና ብጊሓቱ ናበይ ተግስግሱ፤
ናብ ዕረፍቲ'ዶ ክተተንፍሱ?
ወይ'ስ ቀኒእኹም ብቶም ዝደቀሱ፤
ድቁሳት በዚሓም ክትቅስቅሱ፤
ንገሩና መልሱ፤
ሰብ እንተ ደቂሱ ሓመድ ተተርኢሱ፤
መን ኣሎ ዝመፀ ተመሊሱ፤
ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ንገሩና መልሱ።

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ኣቦ ትብዓት፤
ናበይ ድኣ ትብገሱ ድንገት፤
ሃሎ! ሃሎ'ዶ ኢሎም ብያት፤
ናብ ስሑል፣ ናብ ሙሴ ናብ ቀለሽት፤
ናብ ሓየሎም ናብ ስምረት፤
ውዕል ሕድር በሉ ኣይትኺዱ ድንገት፤
ዓዲ ስዉኣት ርሑቕ'ዩ ሞት፤
ጕሪሕኹም'ዶ ሊሚ'ስ ከምቶም ጕራሓት፤
ከም ስሑል ከም ሙሴ፣ ከም ሃፍቶም በዡሪ ስዉኣት፤
ዕርደፍቲ መሪፅኩም ኣብቲ ዓውዲ ኵናት፤
ሃገራዊ ህንፀት መሠረተ ልምዓት።

ሊቀ መንኳስ ኢያሱ ብዓል ደብሪ፤
ፍልፍል ሥነ-ጥበብ ዘይዛሪ፤
ሕዝባዊ ፍቕሪኹም ዘይጥለም ሕድሪ፤
ዋላ'ውን እንተ በዝሐ ወጥሪ፤
ጥሜት ፅምኢ ፀሓይ ሓሩር ቍሪ፤
እዚ ኵሉ ኣሕሊፍኩም ተጋዲልኩም ብናህሪ፤
ዛንታኹም መፂኡና ሰጊሩ ባሕሪ፤
ዓሪፍኩም'ያ ሎሚ'ስ ብኽብሪ፤
ተወሪርና ብፀሓይ ቀትሪ።

*በሉ ካብ ኮነ ጅግና ካብ ጨክነ፤*
*ፅዓት ይሃቦ ንቤተ ሰብ ንዝሓዘነ።*